Tigrinja



# ጓሓፍ ኣብ ገዛኻ ከመይ ከም ትሰርዖ

## ኣብቲ ቡናዊ መትሓዚ

እቲ ቡናዊ መትሓዚ ንተረፍመረፍ መግቢታት ጥራይ ተጠቐመሉ። እቲ ዝጓሓፍ መግቢ ኣብቲ ቡናዊ መትሓዚ ቅድሚ ምግባርካ ነቲ መግቢ ሒዙ ዝርከብ ፕላስቲክ፣ ወረቐት ወይድማ መጠቕለሊ ኣውግድ። እቶም ንመግቢ መጉሓፊ ዘዳለናዮም ብወረቐት ዝተሰርሑ ቦርሳታት ጥራይ ተጠቐም። ናይ መግቢ ጓሓፍ ባዮ ጋዝን ባዮ ድኹዒን ንምምንጫው ይጠቅም።




- ፍሩታታትን ኣሕምልቲን
- ናይ ክሽነ ሶፍት
- ሕምባሻ
- ዳካ
- ስጋን ዓጽሚ ዓሳን
- ናይ ድንሽ ቅራፍ
- ቁራጽ ዕምበባ



ኣብቲ ቡናዊ መትሓዚ ፕላስቲክ ምጉሓፍ ኣይፍቀድን።

## ኣብቲ ቀጠልያ መትሓዚ

እቲ ቀጠልያ መትሓዚ መጠቕለሊ ኣቕሑት፣ ተረፍመረፍ መግቢ ከምኡድማ ሓደገኛ ጓሓፍ ሰሪዕካ ምስወዳእካ ዝተረፉ ኩሎም ዓይነታት ጓሓፍ ተትሕዘሉ። እዚ ሓፈሻዊ ጓሓፍ ይበሃል። እዚ ኣቃጺልካ ሙቐትን ኤሌክትሪሲቲን ከምዘመንጩ ክግበር እዩ።

- ላማ
- መኽደናት
- ጨርቂ ሽንቲ
- ሑጻ ናይ ድሙ
- ናይ ስኒ ብሩሽ
- መጣግ መትሓዚ ስጋ
- ተረፍመረፍ ሽጋራ
- ሞዴስ
- መቖስቆሲ ስኒ
- ጸሪግካ ዝእከብ ጓሓፍ ብርዒ
- ኮንደም
- ሕሩጭ ትምባኾ
- ዘይቲ ብልዒ



## ናብቲ ብሰባት ዝሰርሕ መሊስካ ኣብ ጥቕሚ መውዓሊ ማእከል

ንስኻ ከም መጠን ውልቀሰብ ዝተኣከበ ጓሓፍ ከምኡድማ ሓደገኛ ጓሓፍ ናብቲ ማእከል መሊስካ ኣብ ጥቕሚ መውዓሊ ብምውሳድካ እትኽፍሎ ተወሳኺ ወጻኢ የለን። ኣብቲ ኣብ ገዛኻ እትኽፍሎ ናይ ጓሓፍ መእከቢ ክፍሊት እዩ ዝጠቓለል።

### ከቢድ ጓሓፍ

- ዝኣረገ ፈርኒቸር
- ብሽክለታታት
- ስብርባር ማቶኔላታት
- ናይ ጀርዲን ጓሓፍ

### መሊስካ ኣብ ጥቕሚ ምውዓል

ሙሉኣትን ጽሩያትን ዝኾኑ ነገራት መሊሶም ኣብ ጥቕሚ መታን ክውዕሉ ኣብቶም ናይ ዳግመ-ምምስራሕ ማእ ከላትና ክትገድፎም ትኽእል ኢኻ።

### ሓደገኛ ጓሓፍ

ሓደገኛ ጓሓፍ ናብቲ ማእከል መሊስካ ኣብ ጥቕሚ መውዓሊ ክትወስድ እንከለኻ፣ ከባቢ ብዘ ይሃሲ ኣገባብ ከምንሕዞ ከነረጋ ግጸልካ ንፎቱ።




- ናይ ሜርኩሪ ቴርሞሜትራት
- ናይ ቀለም ተረፍመረፍ
- ናይ ሓቐቕቲ ተረፍመረፍ
- ዝፈሰሰ ዘይቲ
- መጋየጺ
- ትሑት ሓይሊ ዝጥቀሙ ኣምፖላት
- ፍሎረሰንት መብራህቲ
- ባትሪታት

#### ኬብል ወይ ባትሪ ዘለዎም ኣቕሑት

- ንመኽሸኒ ዘገልግሉ ኣቕሑት
- ፍሪጃትን መዝሓልቲን
- ኮምፒዩተራት
- ናይ ተሌቪዥን ኣቕሑት
- ሞባይል ተሌፎናት
- ናይ ቡን መሳርሒ

### ክዳውንቲን ጨርቃመርቂን

ኩሎም ክዳውንቲ፣ ዋላ እቶም ዝተቐዱን ዝበለዩን ክዳውንቲ ኣብ ሓደ መትሓዚ እዮም ክቕመጡ ዘለዎም። እንደገና ኣብ ጥቕሚ ዝውዕልን ናብ ዳግመ- ምምስራሕ ዝኸይድን ዳሓር እዩ ዝፈላለ።



NORDANSTIGS KOMMUN

nordanstig.se/avfall

Tigrinja

# ጋዜጣታትን መጠቕለሊታትን



**እዚኦም ኣብ ናይ ባዕልኻ ናይ ዳግመ-ምምስራሕ ማእከል፣ ኣብ ቀረባኻ ኣብ ዝርከብ ናይ ዳግመ-ምምስራሕ መደብር ወይድማ ኣብ ማእከል ዳግመ-ምምስራሕ ይቕመጡን ይጓሓፉን።**

እቲ መጠቕለሊ ጥርሑ ክኸውን ይግበኦ ከምኡድማ ዝኾነ ናይ ሓለዋ ጽሬት ስግኣተ-ሓደጋ ዘስዕብ ክኸውን የብሉን።
ኣርግእ ከምኡድማ ሰጉድ።



### ካብ ወረቐት ዝተሰርሖ መትሓዚ

- ናይ ሽቓቕ ሶፍት
- መዕሽጊ ፓስታ
- ናይ ጸባ መትሓዚ
- ናይ ሽኮር ሳንጣታት
- ናይ ህያብ መጠቕለሊ ወረቐት
- ናይ ጫማ ባኮታት
- ናይ እንቋቑሖ ባኮታት

እቲ እንኮ ኣፈላላይ ነቲ መኽደን ከፊትካ ኣብ ናይ ፕላስቲክ መትሓዚታት መእከቢ ስለእትገብሮ እዩ። እቲ ኣብቲ መትሓዚ ተቐሪጹ ዝተርፍ ፕላስቲክ ክትገድፎ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዳሕረዋይ ደረጃ መስርሕ ናይቲ ዳግመ-ምምስራሕ ካብቲ ወረቐት ክፍለይ እዩ።



### ካብ ፕላስቲክ ዝተሰርሐ መትሓዚ

- ናይ ሻምፖ ጠራሙዝ
- ናይ ኮቴጅ ቺዝ ታኒካታት
- ካብ ፕላስቲክ ዝተሰርሑ ሳንጣታት
- ናይ ኣስቤዛ ሳንጣታት
- ናይ ቡን ባኮታት
- ረቂቕ ፕላስቲክ
- መሊስካ ዝምልኡ ባኮታት
- ስቲሮፎም



### ካብ ብርጭቆ ዝተሰርሖ መትሓዚ

- ብብርጭቆ ዝተሰርሐ ዕትሮ
- ብብርጭቆ ዝተሰርሑ ጠራሙዝ

ሕብራዊን ዘይሕብራዊን ነገራት በበይኖም ከምዝቕመጡ ተረዳእ!

ሓጺናዊ መኽደናት ካብቶም ጠራሙዝ ክውገዱ ኣለዎም፣ ንምንጻል ዘጸግም ዝተጣበቐ ሓጺን ግን ኣብ ዘለዎ ክሕደግ ይኽእል እዩ። ናይ ጠራሙዝ ክሳድ ይፍለዩ እቶም ሓጺናዊ ኣካላት ከኣ ንበይኖም ዳግማይ ይምስርሑ።



### መዕሽጊ ሓጺን

- ብሓጺን ዝተሰርሑ ታኒካታት
- ወረቐት ኣሉሚኒየም
- ናይ ካቭያር ሻምብቆታት
- ብሓጺን ዝተሰርሑ ካፕሱላት

ኩሎም ብሓጺን ዝተሰርሑ መትሓዚታት ንዳግመ-ምምስራሕ ግደፎም። ዋላ ከም ካፕሱላት፣ መኽደናት፣ ከምኡድማ ብሎናት ዝኣመሰሉ ናእሽቱ ነገራት። ኩሎም መትሓዚታት ጠቓምቲ እዮም።

ናይ ሓጺናዊ ትቦታት ኣፍ ክንዲ ዝኽኣልካዮ ኣስጥሞ፣ ካብ ሕማቕ ጨና ናጻ መታን ክኾን ብኽድኑ ኣጽንሓዮ፣ ካብኡ እቲ ትቦ ኣብቲ ናይ ሓጺናዊ መትሓዚታት መቐመጢ ኣቕምጦ።




### ጋዜጣታት

- መጽሄታት
- ካታሎግ
- መወዓውዒ
- ናይ ሎተሪ ወረቐት

ኣብ ዙርያ ጋዜጣታትን ናይ መወዓውዒ ማቴርያላትን ዘሎ ዝርከብ ፕላስቲክ ኣወጊድካ ኣብቲ ናይ ፕላስቲክ ዳግመ-መመስርሒ ግደፎ።

ስቴፕለራት፣ መጠምጠሚ ስልኪ ከምኡድማ ተመሳሰልቲ ነገራት ካብቲ ጋዜጣታት ወይ ጽፍጻፍ ወረቐት ምውጋድ ኣየድሊን። ብማግኔት ተፈልዮም ናብ ናይ ሓጺን ዳግመ-ምምስራሕ ክውሰዱ እዮም።



## ቁሩብ ሰናቲም ርኸብ

ካብቶም ክትድርብዮም እትደልዮም ነገራት ገለ ንኻልኦት ሰባት ዋጋ ዘለዎም ነገራት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ኣወዓውዓዮም፣ ኣብ ናይ ሕሳር ዕዳጋ ሽጦም፣ ንኻልእ ሰብ ወይድማ ንትካል ወሃቢ ምጽዋት ኣወፍዮ።

## ጅግና ሓለዋ ከባቢ

ዘገልገሉ ነገራት ምክራይ፣ ምስራሕ፣ ምልቃሕ፣ ምዕራይ፣ ምዕዳግ ከምኡድማ ምሻጥ ንሓለዋ ከባቢን ንጁባኻን ብሉጽ ስጉምቲ እዩ። ከምኡ ምስዝግበር፣ ዋላሓንቲ ዝጓሓፍ ነገር ኣይህሉን!

## ምእካብ መጠቕለሊታትን ጋዜጣታትን (FTI)

ኣብ ሽወደን ዝርከባ ኩለን ናይ ዳግመ-ምምስራሕ ማእከላት የመሓድር። እቲ ናብ ዳግመ-ምምስራሕ እንእትዎ መጠቕለሊታት ኣብ ምንታይ ከምዝውዕል ዝያዳ ክትፈልጥ እንተደሊኻ www.ftiab.se ተወከስ። www.ftiab.se

NORDANSTIGS KOMMUN

nordanstig.se/avfall